# COVID-19 መርመራ ምግባር፤ ክታበት ምውሳድን
## እዋን ጸገም ሓገዝ ንወለዲ ሓቓዊ ጽሑፋዊ ወረቐት

## መርመራ ምግባርን ካብ ካልእ ሰብ ምግላል

ዝኾነ ናይ COVID-19 ሕማም ምልኽት እንተሃልዩካ፤ መርመራ ምግባር ከምዘለካ እሞ ውጽኢት መርመራ ክሳብ ትረኽብ ኣብ ገዛኻ ምጽናሕ። ናብ ሥራሕ ወይ ሽቓት ክትኸይድ የብልካን።

ብናይ COVID-19 ሕማማ ዚኻተት:

- ረስኒ፤ ቁሪ ቁሪ ምባል ወይ ራሕጺ
- ሰዓል ወይ ሕማም ጎሮሮ
- ሕጽረት ብምትንፋስ
- ብኣፍንጫ ፈሳሲ
- ብውሑድ ናይ ስሚ ዒት ወይ ምጭናው ወይኻዓ ሓዓመት ምስኣን

COVID-19 መርመራ ንሕድሕድ ሰብ ብዘይኽፍሊት ብናጻ እዩ። በዚ ዚኻተት Medicare ካርዲ ንዘይብሎም ሰባት፤ ከም ወጻኢ ሃገር ጎብነይቲ፤ ማይግራንት/ዝመጹ ሰራሕተኛታትን ንዕቑባ ሓተቲ ይኸውን።

ብመርመራ ውጽኢት COVID-19 እንተሃልዩካ፤ ካብ ካልእ (መወሸቢ) ገዛኻ ውሽጢ ክትጸንሕ ኣለካ።

COVID-19 ምስዘለዎ ዝኾነ ሰብ ብቐረባ ርክብ እንተጌርካ፤ ን14 ማዓልታት ኣብ መወሸቢ ቦታ (ኣብ ገዛኻ ውሽጢ ምጽናሕ) ብናይ ሓለዋ ጥ ዕና መምርሒ/Department of Health ሰበልጣን ሓላፊ ካብቲ መወሸቢ ቦታ ንምውጻእ ክሳብ ዝንገረካ ክትጸንሕ ኣለካ።

ምስ ኮቪድ ብቐረባ ርክብ ዝገበረ ሰብ ትነብር ወይኻዓ ግዘ ኣሕሊፍካ እንተኾይንካ፤ እሞ ኣብ ገዛኻ ውሽጢ ንክትጸንሕ ክትሕተት ትኽእል።

## ክታበት ምውሳድ

### እንታይ ክገብር ከምዘለካ

- ዕድሚኡ 16 ዓመትን ካብዚ ንላዕሊ ንዝኾኖ ሕድሕድ ሰብ ንናይ COVID-19 ክታበት ክረኽብ ይኽእል።
- ንኮሮናቫይረስ ሆት መስመር/Coronavirus Hotline ብስልኪ 1800 675 398 ደዊልካ ቆፀሮ ምድላው። ኣስተርጓማይ ትደሊ እንተኾይንካ ንዜሮ (0) ምጽቓጥ።
- ዕድሚኦም 60 ዓመትን ካብዚ ንላዕሊ ንዝኾኑ ሰባት AstraZeneca ክታበት ይውሃቦም እዩ። ፍሉይ ዝበለ ናይ ጥዕና ኩነታ ንዘለዎም ሰባት Pfizer ክታበት ንክረኽቡ ይፍቐደሎም እዩ።
- ድሚኦም ኣሞንጎ 12 - 59 ዓመት ንዘለዉ ሰባት ናይ Pfizer ክታበት ይውሃብ እዩ።
- COVID-19 ክታበት ነሕድሕድ ሰብ ብናጻ እዩ። ናይ Medicare ካርዲ ኣየድልየካን እዩ።
- ክታበት ምውሳድ ብፍቓደኛ ምዃን እዩ። ነቲ ክታበት ንምውሳድ ብናትኻ ምርጫ ይኸውን።
- ሓደ ዓይነት ናይ COVID-19 ክታበት ም እንታን ክሰርሕ ክልተ ግዘ ዓቐን መጠን/ doses (መርፍእ ጌርካ) ክታበት ክትወስድ ይግባእ።
- ናይ መጀመርታ ዓቐን መጠን/ dose ክታበት ክትወስድ እንከሎ እቲ ኻልኣይ ዓቐን መጠን/ doses ክታበት መዓዝ ክኸውን ከምዘለዎ ይሕበረካ እዩ።
- ኣውስትራሊያ ውሽጢ ክታበታት ኩሎም ኣብ ጥቕሚ ንምውኣል ፍቓድ ቕድሚ ምርኻቦም ብዛዕባ ድሕንነቶም ንምርግጋፅ ጥንቓቐ ዝተመልአ መርመራታት ይኻየዱ እዮም።
- ብዛዕባ ጥዕናኻ ወይኻዓ COVID-19 ክታበት ዘተሓሳስበካ ጉዳይ እንተሃልዩ ንሓኪምካ ኣዘራርብ።

Victoria State Government | Health and Human Services

OFFICIAL

## ሓገዝ ምድላው

### ብከቢድ ኲነታ ሓገዝ

ንናትኻ መርመራ ውጽኢት ክሳብ ትረኽብ ንዘጽብየካ ግዜ ብዛዕባ እቶት ምንጪ ምስኣን ዘተሓሳስበካ እንተ ኾይኑ፣ $450 COVID-19 መርመራ መወሸቢ ክፍሊት ክፍቐደልካ ይኽእል ይኸውን። እዚ'ውን ኣብ ገዛኻ ንክትጸንሕ ይሕግዝ እዩ።

ብመርመራ ውጽኢት እቲ ቫይረስ እንተሃልዩካ ወይኻዓ ብዝተፈልጠ ጉዳይ ናይ ቐረባ ርክብ እንተ ጌርካ፣ ናይ $1,500 ክፍሊት ክፍቐደልኻ ይኸውን። ዝበለጸ መረዳእታ ንCoronavirus Hotline ብስልኪ 1800 675 398 ምድዋል። ኣስተርጓማይ ትደሊ እንተ ኾይንካ ንዜሮ (0) ምጽቃጥ።

ንዝኻ ወይኻ ትፈልጦ ዝኾነ ሰብ ዘሻቕለኻ ወይኻ ዘጭንቐካ እንተ ኾይኑ፣ ን Lifeline ብስልኪ 13 11 14 ወይኻዓ Beyond Blue ብስልኪ 1800 512 348 ጌርካ ምድዋል ትኽእል። ኣስተርጓማይ ትደሊ እንተ ኾይንካ መጀመርታ ብስልኪ 131 450 ጌርካ ምድዋል።

ተገሊልካ ንበይንኻ ምዃን እንተተሰሚኡካ፣ ን Coronavirus Hotline ብስልኪ 1800 675 398 ምድዋል ከምትኽእል እሞ ንዜሮ (0) ምጽቃጥ። ምስ ናይ ከባቢ ሓገዝ ኣገልግሎታት ዘራኽበካ ናይ ኣውስትራሊያ Red Cross ፍቓደኛ ሰራሕተኛ የዘራርበካ እዩ።

- $450 ንኮቪድቫይረስ መርመራ መግበሪ ሓገዝ/Coronavirus Testing Support (Word)
- $1500 ብእዋን ለበደ ቫይረስ ሓደጋ ዕረፍቲ ዝውሃብ ክፍሊ/Pandemic Leave Disaster Payment (Word)

**ኣስተርጓማይ ትደሊ እንተ ኾይንካ፣ ንCOVID-19 ሆትላይን መስመር ብስልኪ 1800 675 398 ምድዋልን ን0 ምጽቃጥ።**